(ብመሠረት ምሕጽንታ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ሃገርና ጀሚርናዮ ንዘሎና ጸሎተ ታስዕት ኪሕግዘና ዚኽእሉ ጸሎታት)

# ጸሎት ምእንቲ ሰብ ሥልጣን ቤተ ክርስቲያን

ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ነቶም ኣብ ልዕሊ ሕዝብኻ ሥልጣን ዘለዎም መራሕትና ነታ ኣብ ኣምልኾኻ እትርከብ ኡነተይና ሃይማኖት ብዘይስሕተት ብምሕላው፥ ብርትዕን ብሰላምን ብጥበብን ምእንቲ ኪመርሑና ክእለትካ ክትህቦም ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።

*ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር .... ሰላም ንኣኺ ኦ ማርያም .... ስብሓት ንኣብን ....*

# ጸሎት ምእንቲ ኣመሓደርቲ ሃገር

ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ነመሓደርትና ንሃገሮም ዜልምዑሉ፥ ንሕዝቦም ብፍቕርን ብሰላምን ዚመርሑሉ፥ እምነትናን ሥርዓት ሃይማኖትናን ሓሊና ንምኻድ ዜኽእለና ህዱእ ናብራ ዜማዕብሉሉ ክእለትን ጥበብን ክትህቦም ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።

*ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር .... ሰላም ንኣኺ ኦ ማርያም .... ስብሓት ንኣብን ....*

# ጸሎት ምእንቲ ሰላም

ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሓ ንዘላ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያንካ ብሰላምን ብዕርፍትን ክም እትነብር ግበራ። ሰላምካን ሃብትኻን ሃባ። ነዞም ኣብኣ እንርከብ'ውን ንብረትናን ጥሪትናን ሓልወልና፤ ምውጻእናን ምእታውናን ብሰላም ክም ዚፍጸም ግበረልና፤ ነማሓደርትናን ንመራሕትናን ጥበብን ምኽርን ሃበልና፤ ኣብ ፍርሓትካን ኣገልግሎትካን ተጸሚድና ክም እንነብር ኽትገብረና ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።

*ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር .... ሰላም ንኣኺ ኦ ማርያም .... ስብሓት ንኣብን ....*

(ካብ መና ጸሎታት 6ይ ሳታም 2010 ዓ.ም. ገጽ 48 – 51 ዝተወሰደ)